# ናይ ሰለስተ ዓመት ገዛኣይ ትልሚ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

## Three years strategic plan for Irrob Development Association

ብጊዚያዊ ቤ/ፅ ማልኢ ተዳሊዩ ንቦርድ ውሳነን ንኣባላት ርእይቶ ዝቐረበ

Prepared by the provisional IDA office and presented for members comment and Board decision

ሓምለ / 30 / 2006 ዓ.ም.

መቐለ

# ናይ ሰለስተ ዓመት ገዛኣይ ትልሚ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

# ካብ 2007 ዓ/ም ክሳብ 2009 ዓ/ም

## 1. መእተዊ

ወረዳ ኢሮብ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዞባ ምብራቕ ትግራይ ትርከብ ወረዳ ኮይና ሸውዓተ ምምሕዳራዊ ጣብያታ
ዒስራን ሾሞንተን ቁሸታትን ዝሓዘት ወረዳ እያ:: ህዝቢ ኢሮብ ብሰንኪ ትሑት ማሕበረ ቁጠባዊ ኩነታትን ዘይብቑዕ ዝርጋሐ መሰ
ልምዓት ህዝባዊ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላትን ኣብ ኣዝዩ ዝኸፍአ ድኽነት ዝተሃሰየ መነባብሮ ዝነብር ዘሎ ህዝቢ ኢዩ። ብተወሳኺ'
ወረዳ ኢሮብ ውሱን ዝኾነ ተሓራሲ መሬት ዘለዋን ብተደጋጋሚ ንነውሕ ዓመታት ብተፈጥሯዊን ደቂ ሰባት ብዝፈጥርዎ ተፈላ
ፀቕጥታትን ኣዚዩ ዝተሃሰዬ ከባቢ ኢዩ። ብሙኽኑ'ውን መብዛሕቲኦም ተወለድቲ እቲ ከባቢ ከብቲ ብምርባሕ ይኹን ካብ ሕ
ብዝረኽብዎ ኣታዊ ናብራኦም ክመርሑን ስድራኦም ከመሓድሩን ስለዘፀግመሎም ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ናብ ጎረባብቲ ዓዲ ተሰዲዶ
ኢዮም ዝርከቡ ማለት፣ ብዘይምግናን መንእሰይ ተወለድቲ እቲ ከባቢ ካብ ኣብኡ ዝነብሩ ኣብ ስደት ዝነብሩ ኢዮም ዝበዝሑ።
ኹነታት ብከመይን መኣዝን መፍትሒ ይረክብ ዝብል ክንሓስቦ ከለና ኣዚዩ ዘተሓሳስብ እኳ እንተኾነ ነዚ ፀገም መንግስቲ በይኑ ክፈት

ዘይኽእልን ናይ መንግስቲ ብሕታዊ ዕማም እዩ እልካ ከምተወለድቲ ሰ'ቅ እልካ ምርኣይ ከዓ ትኽክል ብዘይምኻኑ የግዳስ ብተወለድቲ
ብግዱሳት ፈተውቲ ልምዓትን ዝግበር ናይ ልምዓት ተሳትፎ ዓቢይ ጊደ ይህልዎ::

እዚ ኣብ ግምት ብምእታው ተወድብና ኣብ ልምዓት ብምውፋር ድኽነት ንምንካይ ኣብ
ሕገ- መንግስታት ትግራይን ኢትዮጵያን ዓንቀፅ 43(1) ዝተቐመጠ መነባብሮ ናይ
ምምሕያሽን ዕቤት ናይ ምርካብን መሰል ተጠቒምና ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ፍ/ሐር ሕጊ ዓንቀፅ 404 ዝሽፈን ትርጉም ዘለዎ "ማሕበር ልምዓት ኢሮብ" ዝብል ውዳበ ብዕለት 8 ሓምለ 1995 ዓ/ም ብተወለድቲ ኢሮብ ኣብ ከተማ መቐለ ዝተመስረተ እንትኾን ክሳብ ሓዚ ኣብ ዝገበሮ ምንቅስቃሳት ክንዲቲዝድለ ዓወት ከመዝግብ ኣይከኣለን::

ስለዝኾነ'ውን እቲ ፀገም ብወሳኒ መልክዑ ንምቅላል እዚ ዝስዕብ ገዛኣይ ዝኾነ ንሰለስተ ዓመት ዘገልግል ትልሚ እንትዳሎ ከምዝስዕብ ተዋድዱ ቀሪቡ ኣሎ። መጀመሪያ ብዛዕባ'ቲ ከባቢ መጠናዊ ሓበሬታ ዝህብ ድሐረ ባይታ ፣ ቀፂሉ'ውን ኩነታት ማልኢ ድሕሪ ሳልሰይ ጉባኤ ዝነበሮ ምስሊ ዘሪኢ ሓፈሻዊ መገለፂን ብምቕራብ ራኢይን ልኡኽን ፣ሓፈሻዊን ዝርዝርን ዕላማታት ማሕበር ብምንፃር ንሰለስተ ዓመት ዘገልግል ገዛኣይ ትልሚ ከምዝስዕብ ተዳሊዩ ኣሎ።

## 2. <u>ድሕሪ</u> ባይታ

### <u>አመፃፅኣን ስያሜን ህዝቢ ኢሮብ</u>

"**ኢሮብ**" ዝብል ስመ-ተፀውዖ ሎሚ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ዞባ ምብራ'ቕ ብኣንፈት ሰሜን ምብራ'ቕ ናይ ዝርከብ ህዝቢ መፀውዒ ኮይኑ ይርከብ:: ኢሮብ ዝብል ስያመ ሓረግ ወለዶ ዘርኢ ወረደ ምሕረት ምስ ንጉስ መግድርን ምስ ንግስቲ ኢለኒ ጓል ንጉስ ዳዊትን ብምትሕሓዝ ህዝቢ ኢሮብ ካብ ክፍሊ ዓለም ኣውሮፓ ዝፈለሰ ህዝቢ ም'ኻኑ ንምዝካር ዝተውሃቦ ስመ ተፀውዖ እዩ እንትብሉ ናይ ኢሮብ ደቂ ኣባት ሰብ ፀጋ ዕድመን ናይ ታሪክ ፈላጣትን ዝኾኑ ሰባት እንትገልፁ "**ኢሮብ**" ዝብል ስመ ተፀውዖ "**ኦሮባ**" ካብ ዝብል

ናይ ሳሆ ቋንቋ ዝተወረሰ ኮይኑ ትርጉሙ ገዛ እተዉ ምኻኑ ዝገልፁ እውን ኣይሰኣኑን:: ብካሊእ ወገን ድማ "ኢሮብ" ዝብል ስም ኮነ ተወለድቲ ኢሮብ ልዕል ክብል ኣብ ዝተጠቕሰ ከባቢ ንዝነብር ህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ከምኒ ቆላ ሃዘሞን፣ ደቡባዊ ከበሳ ኤርትራን ዳሉልን ድፍን ምብራቓዊ ዞባ ንዝርከቡ ህዝቢታት ዘጠቓልል ስያሜ ምኻኑ ዝሕብሩ ዓበይቲ ዓዲ'ውን ኣይሰኣኑን::በቲ ተባህለ በቲ ኣብዚ ሀዚ እዋን ግን ብሕታዊ ኣብታ ወረዳ ናይ ዝርከብ ህዝቢ መፀወዒ እዩ።

ህዝቢ ኢሮብ ቅድም ኣብ ዝበሉ እዋናት ኣብ ምርባሕ እንስሳን ንህቢን ዝተመስረተ መነባብሮ እዩ ነይርዎ ኣብ ሕርሻ ግን ብዙሕ ልምዲ ብዘይምንባሩ ብሕርሻ ፍሪያት ዓርሱ ዘይኽእል እኳ እንተዘይነበረ፣ ኢሮብ ዝብል ስም እንትለዓል ዓዲ መዓር: ዓዲ ሜስ: ዓዲ ፀባ: ዓዲ ኣጀቦ: ዓዲ ጠስሚ: ዓዲ ግዕዝም: ዓዲ ሽዶን: ዓዲ ሰባሕቲ:- ዝብል ስም ሓቢሩ ይለዓል ምንባሩ ናይ ቀረባ እዋን ተዘክሮ እዩ:: መብዛሕትኡ ህዝቢ ኢሮብ ከዓ ካብ እንስሳቱን ኣናህቡን ብዝረኸቦ ውፅኢት ይጥቀም ነይሩ:: ብፍላይ ካብ 60-70 ዓመት ንድሕሪት ተመሊስካ ካብ ዘሎ እዋን ኣትሕዙ ምስ እንስሳን ንህቢን ጎናጎኒ ሕርሻ'ውን ብምውሳኽ ካብ ጥሪቱን ግራቱን ይድረር ነበረ እምበር ከምዚ ሎሚ ኢድ ረዲኤት (ምፅዋት) ወሃብቲ ትካላት ምጥማት እንተስኢኑ ከዓ ፆሙ ዝሓድር ህዝቢ ኣይነበረን::

ከምዝፍለጥ ከባቢ ኢሮብ ጎቦታትን ሽንጥሮታትን ዝበዝሓ ሜዳታት ግን ዝውሕደሉ ኣብ ርእሲ ምኻኑ ኣሰፋፍራ ህዝቢ'ውን ብቱን ስለዝኾነ ኣግራባት ኣብ ምጭፍጫፍ ናይ ደን ቦታታት ብስፍሓት ኣብ ዘይምኽላልን ዳግመ ጊረባ ገይርካ ሓለዋ ብዘይምጥንኻርን ኣብ ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ስሉጥ ምዕባለ ንምምፃእ ናይ ባዕሉ ፅዕንቶ ዝነበሮ እዩ:: ብሰንኪ እዚ ከዓ መሬት ኢሮብ ዓሪቑ ብሰንኪ ጠሊ መሬት ምቕናስ ኣግራባት በሪሶም ሩባታት ነፂፎም ጥሪት ዝበልዓኦ ዝሰኣናሉ ደረጃ በፂሑ እዩ:: ግራውቲ'ውን ብዙሕ ክፈርያ ተባህሉ ዝዝራእ ዘርኢ ተዋሒጡ እንትተርፍ ምርኣይ ልሙድ ካብ ዝኾውን ፀኒሑ እዩ::

## <u>ኣቀማሚጣ መሬት ወረዳ ኢሮብ</u>

ኢሮብ ኣብ ሰሜናዊ-ምብራቕ ትግራይ ዞባ ምብራቕ ካብ ዝርከባ 7 ወረዳታት ሓንቲ እንትትኾውን ካብ ከተማ ዓዲግራት 42 ኪ/ሜ ርሒቓ ትርከብ ወረዳ እያ:: ወረዳ ኢሮብ ኣብ 7ተ ምምሕዳራዊ ጣብያታትን 28ተን ቁሸታትን ዝተኸፈለትን ስፍሓት

መሬታ 850$^{2}$ ኪ/ሜ ከምዝኾነ ይግመት::እዚ ወረዳ ብሰሜን ኤርትራ ብምብራቕ ክልል ዓፋር ብደቡብ ወረዳ ሳዕስዕ ፃዕዳ እምባ ብምዕራብ ወረዳ ጉሎ-መኽዳ ዘዳብዋ እንትኾን በዝሒ ህዝባ ከዓ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1999 ዓ/ም ብቢሮ ሕርሻን ገጠር ልምዓት ክልል ትግራይን ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ ዓዲግራት ላዕለዎት ክእላታት ብዘካየድዎ መፅናዕቲ መሰረት 31′000 (ሰላሳን ሓደን ሽሕ) ዝሕብር እንትኾን ገለገለ ሰባት ከዓ ካልኦት ፍልፍላት እናጣቐሱ 71′000 ከምዝኾነ ይገልፁ እዮም:- ኮይኑ ግና ቁፅሪ ህዝቢ ኢሮብ ብትኽክል ንምፍላጥ ኣብ ዓዲን ደገን ዘሎ ሓውስና ብጥሉል መፅናዕቲ ምምላስ ካብቶም ቀፀልቲ ስራሕቲ ማሕበር ሓደ ክኾን ኢዩ::

ተመሳሳሊ መፅናዕቲ ከምዝሕብሮ ስፍሓት መሬት ኢሮብ 85′000 ሄክታር እንትኾን ኣቀማምጣ መሬታ ሸንጥሮታትን ኣፃድፍን ዝበዝሓሉ ከባቢ ብምኳኑ ሕዛእቲ መሬትን ንደን ዝተኸለለን ሓውስካ 83′000 ሄክታር መሬት ዘይሕረስ ኮይኑ እዚ ካብ ሚእቲ እንትግበጥ ልዕሊ 90 ሚእታዊ ንሕርሻ ዘይጥዕም መሬት እዩ ክበሃል ይከኣል:: ተሓራሳይ መሬት ድማ ስፍሓቱ 1′200 ሄክታር ኮይኑ እዚ ተሓራሳይ መሬት ምስቲ ዘሎ ብዝሒ መራሒ ስድራ እንትነፃፀር ንሓደ መራሒ ስድራ 0.19 ሄክታር እንትበፅሕ እዚ 1′200 ሄክታር ስፍሓት ዘለዎ መሬት ከዓ ብተፍጥሮ መይዳ ኮይኑ ዝፀንሐ እንተይኮነስ ፃዕራም ዝኾነ ገባራይ ኢሮብ ሸንጥሮታት ብምኽታርን ሑቐ ከውሒ ብምፍላፅን ዝወሰኾ ይበዝሕ::

## <u>ስነ-ምህዳር(Agro-ecological zones)</u>

ኣብ ክልል ትግራይ 7ተ ስነ-ምህዳራዊ ኣቀማምጣ ኣሎ:: ካብዝኣቶም ኢሮብ ክልተ ዓይነት ስነ-ምህዳር ሒዛ ትርከብ:: እዞም ክልተ ዓይነት ስነ-ምህዳራዊ ክፋላት ከዓ SM1(ዋዒን ጠሊ ዘለዎ ቆላን) SM2 (ዛሕሊን ጠሊ ዝበዝሖም በረኽቲ ቦታታት) እዮም:: ወረዳ ኢሮብ ኣፃድፍ ዝበዝሖም ግድምታት በረኽቲ ጎቦታት ቆላን ከምኡ ከዓ ኣዚዩ ትሑት ስፍሓት ዘለዎ መይዳ ዝርከቡላ ወረዳ እያ::

ብራኺ ወረዳ ኢሮብ ካብ ዝተሓተ 900 ሜትሮ ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ ኣብ ከባቢታት ዕንደሊ ክሻብ 3200 ሜትሮ ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ ከባቢታት ዓሲምባ ዝተዘርገሐ ኮይኑ መብዛሕትኡ ቦታ ግና ካብ 1500 ክሻብ 2700 ሜትሮ ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ ዝርከብ ኾይኑ ከምዙይ ዓይነት ስነ-ምህዳር ንዝተፈላለዩ ዓይነት ሕርሻ ኣዝዩ ዝሰማማዕ እዩ:: ኩነታት ፀባይ ኣየር ወረዳ ኢሮብ ከዓ ካብ ቆላ ክሳብ ደጉዓ ዘሎ ዓይነት ኣየር ዝሓዘት ወረዳ እንትትኾን ንምስላጥ ሕርሻን ንልምዓት ዘራእትን ሃፍቲ እንስሳን ጥጡሕ ባይታ ከምዝኾነ ይፍለጥ::

ብተወሳኺ ድማ ወረዳ ኢሮብ ብዘለዋ ብራኺ ኣብ ሓውሲ ጠሊ ቆላን ደጉዓን ዝተኸፈለት እንትትኸ′ውን ኣብዚ ህዚ እዋን ዘለዋ መጠን ዝናብ 148-348 ሚ/ሜትር እዩ:: እዙይ ከዓ ምስዘለዎ ብራኺ ክረኽቦ ዝግቦኦ መጠን ማይ ትሑት እንትኸውን እቲ ክረክቦ ዝግበኦ መጠን ማይ ዘይረኽበሉ ዘሎ ቀንዲ ምክንያት ብሰንኪ ሰፊሕ ናይ ደን ብርሰት ምኳኑ ይእመን :: ኣብዚ ወረዳ ዝዘንብ ዝናብ መጠኑ ኣብ ልዕሊ ምንኣሱ ኣብ ኣጀማምራን ኣጨራርሳን ዝርገሐን ዘሎ ፀገም′ውን ዝዓበየ እዩ::

ካብ ሕሉፍ ተመኩሮ ከምዝረአናዮ ናይ ኣዝመራ ዝናብ ኣብ ሚያዝያ እንትሃርም ናይ ፅድያ ዝናብ ከዓ ድሕሪ ሰነ 10 ዝጅምር ኮይኑ ኣብ ኣጨራርሳ'ውን ካብ ነሓሰ 12-20 ብሙኻኑ ካብ 11-23 መዓልትታት ዝኸውን ምቁርራፅ ዝረኣየሉን እዚ ድማ ኣብቲ ወሳኒ ብርኪ ዕቤት ዘራእቲ ስለዝኾነ ኣብ እቶት ዓብይ ፅዕንቶ ይፈጥር ኢዩ::

## ሽፋን ትምህርቲ

ኣብ እዋን ውድቀት ደርጊ ብዘይካ ውሱናት ናይ ካቶሊክ ኣብያተ ትምህርቲን ሓንቲ 1ይ ብርኪ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዓሊተና እንትዘይኮይኑ እዚ ዝበሃል ትካል ትምህርቲ ዘይነበሮ ኣብዚ ሀዚ እዋን ሳትላይትን ዘይስሩዕን ሓዊሱ 50 ኣብያተ ትምህርቲ ተኸፊተን ኣለዋ:: ከሙኡ'ውን ኣብ ወረዳና ቅድመ ምድላው (ፒሪፓራቶሪ) ብምኽፋቱ ናብ ዓዲግራትን ካልኦት ከባቢታትን ከይዶም ዝመሃሩ ዝነበሩ ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ክመሃሩ ክእሎም እዮም::ካብ ህዝቢ ኢሮብ 99 ሚእታዊ ከንብብን ክፅሕፍን ዝኽእል ከምዝኾነ እዩ ዝእመን::ብሓፈሻ ትምህርቲ ወረዳ ኢሮብ ልዕሊ 98 ሚእታዊ ዝበፅሐ እንትኾን ኣብ ፅሬት ትምህርቲ ግን ብዙሕ ዝተርፎ እዩ ተባሂሉ እዩ ዝእመን::

## ሽፋን ጥዕና

ብኣንፃራዊ እንትገናዘብ ቅድሚ ውድቀት ደርጊ ብዘይካ 1 ናይ ካቶሊክ ክሊኒክ እዚ ዝበሃል ናይ ጥዒና ትካል ኣይነበረን:: ሀዚ ግን 1 ጥዕና ጣብያ 2 ኒኩለስ ጥዕና 6ተ ጥዕና ኬላታት ብሓፈሻ 1 ናይ ካቶሊክ ክሊኒክ ሓውሱ ወረዳ ኢሮብ ወናኒት 10ተ ጥዕና ትካላት ኮይና ትርከብ:: ስለዝኾነ'ውን ሽፋን ጥዕና ወረዳ ኢሮብ ልዕሊ 80 % በፂሑ እዩ እኳ እንተተብሃለ መንግስቲ ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ ፖሊሲ ጥዕና ሓንፂፁ ኣብ ኩለን ጣብያታት ክልተ ናይ ጥዕና ሰራሕተኛታት ተመዲቦም ኣብ ምስራሕ ዝርከቡ እንተኾነ ኣብ ቀረብ መድሓኒትን ፅሬት ግልጋሎትን ግን ዝተርፍ ነገር ከምዘሎ ይእመን::

## ሽፋን ዝስተ ፅሩይ ማይ

ኣብ ስርዓት ደርጊ ብዘይካ ሓንቲ ማእኸላይ ብኢ.ድ ዝተኾዓተት ጉድጓድ ምንም ዓይነት ናይ ማይ ጉዳጉዲ ኣብዘይነበራ ሀዚ ግን 104 ዓበይቲን ማእኸለዎትን ጉዳጉዲን ከሙኡ'ውን ዝተወሰና ዓይኒ ማይ ብጉልበት ሕዝቢ ተሰሪሐን እየን። ብመሰረት እዚ ሽፋን ዝስተ ማይ ወረዳ ኢሮብ 55 ሚኣታዊ ዝበፅሐ እንትኸውን እዚ ፍርቂ ጉፅዞ ጥራሕ ከምዝኾነን ኣብ ተበፃሕነቱን ቀፃላይነቱን ብዙሕ ዝተርፎ እንትኸውን ብመስኖ ኣብቲ ወረዳ ክስራሕ ዝከኣልን ዝሕሰብን ሓውስካ እንትረአ እዚ ስራሕ ገና ነዊሕ ጉፅዞ ዝተርፎ ምኳኑ ንርዳእ ።

## ሽፋን  መንገዲ ኣጋርን ፅርጊያን

ይትረፍዶ ኣብ መዳይ ፅርጊያ ኣብ መንገዲ ኣጋር' ውን እዚ ዝበሃል ግልጋሎት  ዘይነበሮ ህዝቢ ኢሮብ ናይ ነዊሕ ሰዓታት ናብ ዛላንበሳን፣ ዓዲግራትን ዝርካቡ ፍሪያት ሕርሻ ንምሻጥን ዘድልዩዎ ሸቀጣት ንምዕዳግን ካሊእ ውራዩ ንምስላጥን ብእግሩ ይጓዓዝ ከምዝነበረ ይፍለጥ:: ኣብዚ ሀዚ እዋን ግን ብናይ ክልል መንግስቲ ፃዕሪ 32 ኪ.ሜ. መንገዲ ዛላምበሳ ዓሊተና ተሰሪሑ ኣብ ግልጋሎት ምሃብ ይርከብ::

ኣብቲ ወረዳ ዝርከባ 7ተ ጣብያታት' ውን ኩለን ካብ ማእኸል ወረዳ ናብ ጣቢያ ዘራኽብ ናይ ሓጋይ ፅርግያ መንገዲን ስፍሕ ዝበሉ መንገዲ ኣጋራትን ብጉልበት ህዝቢን ብሓገዝ መንግስትን ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ተሰሪሑን ኣብ ዝሓሸ ኩነታት አለዋ እኳ እንተብሃለ እቲ ወረዳ ሽንጥሮታትን ጎቦታትን ስለዝበዝሖን ከሙኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ወረዳ ምንም ዓይነት መጓዓዚያ ህዝቢ ብዘይምህላዉ ፀገም መጓዓዚያ ንምፍታሕ ብዙሕ ርሕቀት ዝተርፎ ምኳኑ ይእመን::

## ሽፋን ሕርሻ

ካብ 1996-2002 ዓ/ም ኣብ ስድራ ማእኸል ብዝገበረ ፓኬጅ 1978 ተባዕታይ 408 ኣንስታይ ድምር 2872 ገባራት ተሓቑፎም እዮም:: ክሳብ 2002 ዓ/ም 51′000 ጠለ በጊዕ 2542 ዘበናዊ ቆፎ 1688 ባህላዊ ቆፎ 4678 ዕስለ ንህቢ:- መፈረያይነት ብዝምልከት ከዓ ካብ ሓደ ዘበናዊ ቆፎ 75 ኪ.ግ. መዓር:- ካብ ባህላዊ ቆፎ 27 ኪ.ግ. መዓር 15′045 ደራሁት 554 ምህጣር ከፍቲ 32 ከፍቲ ፀባ ብልቓሕ ተዋሂበን:: 734.95 ሄክታር ኣብ ስድራ ተኮር 463.65 ሄክታር ካብ ስድራ ተኮር ወፃኢ ተዋሂቡ:: መስኖ 37.615 ሄክታር 438 ገንኢ ማይ (ባስካ) ልዕሊ መሬትን ትሕቲ መሬትን ተሰሪሑ እዩ:: ከሙኡ'ውን ሓረስታይ ብቐረባ ትምህርቲ ዝረኽበለን ኣብ 6ተ ቦታ መሰልጠኒ ሓረስቶት ተሃኒፀን ዘድሊ መሳርሒ ናውቲ ተማልኡለን ድፕሎማ ሕርሻ ወኪላት ተመድቦሙለን ኣሎዉ::

## ሽፋን መብራህቲን ስልኪን

ከተማ ደውሃንን ዓሊተናን ከሙኡ'ውን ጣብያ ዓገረለኾማ እንጋል ሓዊሱ ተጠቀምቲ 24 ሰዓት መብራህቲ ኮይነን እየን:: ንቐፃሊ ኩለን ጣቢያታት ወረዳ ኢሮብ ተጠቀምቲ መብራህቲ ንምግባር መንግስቲ ኣብ ምስራሕ ዝርከብ ኮይኑ ብመዳይ ኣውቶማትክ ስልኪ (ሞባይል) ዳርጋ ዝበዝሓ ከባቢታት ኢሮብ ተጠቀምቲ ኮይነን እየን::

# 3.ኩነታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ድሕሪ 3ይ ጉባኤ 29/09/2002ዓ/ም

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማልኢ) ህዝቢ ኢሮብ ብሰንኪ ወራር ሻዕቢያ ንብረቱ ተወሪሱን ብናይ ተፈጥሮ ድርቂ ከዓ ኣብ ኣዝዩ ዝኸፍአ መነባብሮ ዝኣተወሉ ጊዜ መነባብሮ ህዘቢ ኢሮብ ንምምሕያሽ ብዝብል ዕላማ ዝተጣየሸ ናይ ልምዓት ማሕበር እዩ::

ሓፈሻዊ ዕላማ እዙ ማሕበር መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ምምሕያሽ ኮይኑ ኩሎም ተወለድቲን ፈተውቲን ህዝቢ ኢሮብ ከከም ዓቕሞምን ክእለቶምን ኣብ ምልማዕ ከባቢኦም ንከውዕሉ ዝተመቻቸወ ባይታ ንምፍጣር ዓሊሙ ዝተመስረተ ማሕበር ኮይኑ፣ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ህዝቢ ኢሮብ ማለት ድንቁርና:ድኽነት:ድሕረትን፣ ጎዳእቲ ባህሊታትን ልምድታትን ንምቕራፍ ሰፊሕ ዝኾነ ምርብራባት ንምግባር ዝሕግዙ ትልሚታት ብምንፃር ኣብ ማሕበራዊ ፀገማት ወረዳና ዘይነዓቕ ስራሕቲ እናፈፀመን እናተሳተፈን ፀኒሑ እዩ::

## ➢ ካብቶም ተሰርሑ ስራሓቲ ገሊኦም

- ➢ በቢ ከባቢኡ ናይ ማሕበር ዕላማ ምፍላጥን ምርዳእን
- ➢ ኣባላት ምምልማልን ክፍሊት ብእዋኑ ክኸፍሉ ምልዒዓልን
- ➢ ባንኪ ሒሳብ ብምክፋትን ኣድለይቲ ናይ ሒሳብ ሰነዳት ብኣግባብ ክንቀሳቐሱ ምግባር ካብ ኣባላትን ደገፍትን ካልኦት ፍልፍላትን ዝተኣከበ ገንዘብን ንብረትን ብኣግባብ ክመሓደር ተገይሩ
- ➢ ኣድማስ ማሕበርና ዝንቀሳቐሰሉ ብምስፋሕ ሓደሽቲ ኣባላት ንምፍራይን ዝፀንሑ ኣባላት ብምልዒዓልን ተጠናኺሮም ክቅፅሉ ሰፊሕ ምንቅስቓስ ተገይሩ
- ➢ ተፈላለዩ ምህዞታት ብምጥቃም እቶት ንምትእኽኻብ ዘይነዓቕ ፃዕሪ ተገይሩ:: ንእብነት በቢቦታኡ መድረኻት ብምድላውን ህዝቢ ውህብቶ ከበርክትን ንጭረታ ዝቐርቡ ባህላዊ ኣቓሑት ብምግዛእ ኣታዊ ማሕበርና ክዓቢ ምስንዳው ተኻይዱ
- ➢ ኣብ መዳይ ስፖርት'ውን እንተኾነ'ውን ንመናእሰይ ተወድቦም ብምንቅስቓሰ ኣብ ስፖርት ክነጥፉ ማሕበር ዝከኣሎ ሓገዝ ገይሩ እዩ
- ➢ ዕሬት ትምህርቲ ነረጋግፀሉ ዝቐለለን ዝሓሸን ብሕታዊ መንገዲ ኾይኑ ዝረከብናዮ ንንፋዓት ተምሃሮን መምህራንን ብምሽላም ኣብ መንጎ ተምሃሮን መምህራንን ውዑይ ናይ ውድድር መንፈስ ክለዓል ተገይሩ
- ➢ ተምሃሮ ዩኒቨርስቲን ላዕለዎት ትካላትን ደቂ ኢሮብ ኣብ ክረመታዊ ዕረፍቲ ጊዜ ናብ ወረዳ ከይዶም ሓገዝ ትምህርቲ ክህቡ ምድላዋትን ምትሕብባርን ተገይሩ
- ➢ ኣብ ምዕቃብ ሐድግታትናን ባህሊናን ብዓርሰ ተበግሶ ርኡይ ስራሕቲ ዘሳልጡ ዘለዉ ወናማት ኣባላት ማሕበር ባህሊ ኢሮብ ንምጥንኻር ማሕበርና ኣርሒቑ ብምጥማት ዘይነዓቕ ገንዘባዊን ሞራላዊን ደገፍ ገይሩ

- ማሕበርና ዋላእኳ ዓቅሚ እንተነኣሶ ዕብየት ሕዝብና ምስ ዕብየት ሃገርና ዝተኣሳሰረ ምኳኑ ካብዘለዎ ዕኑዕ እምነት ተበጊሱ 20ሺ.ሕ ዝወጋኡ ናይ ህዳሴ ግድብ ቦንድ ክገዝእ ከኢሉ ኢዩ
- ማሕበርና ዕኑዕ እምነት ምትሕግጋዝ ብሔር ብሐረሰባት ንምርግጋፅ ምስ ዓፋር ዘሎ ርክብ ንምድልዳል ንተምሃሮ ዓፋር መግዘኢ መፃሕፍቲ ሓገዝ ገንዘብ ኣበርኪቱ እዩ

ኣጠቓልልካ እንትረኤ ክንዲ ዝድለኳ እንተዘይተሰርሐ ደሓን ዝበሃል ስራሕ ተሰሪሑ እዩ::ብፍላይ ኣብ ዙሪያ ትምህርቲን ስፖርትን ከሙኡ'ውን ኣብ ዙሪያ ባህሊ ምስ ባህሊ ኢሮብ ብሙኻን ዝተሰርሐ ስራሕ ዝተባባዕ ከምዝኾነ ይእመን::ይኹን እምበር እዙ ዝተሰርሐ ስራሕ ከም ዕቡቕ ዝውሰድ ኮይኑ፣ ግን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ከም ኣመሰራርታኡን ዝሓዞ ትልሚን መሰረት እንትረአ ክንዲቲ ዝድለ ሰሪሑ እዩ ክበሃል ኣይከኣልን::

## <u>ኣብከይዲ ዘጋጠሙ ቀንዲ ማሕንቕታት</u>

1. ኣባላት ማሕበርን ብዓቢዩ እቲ ሙሉእ ማሕበረሰብ ሰብ ዘለዎ ተወፋይነት ምትሓትን ዝወፀ ዓመታዊ ትልሚ ብጊዜ ሰሌዳ ተኸታትልካ ዘይምፍፃም:
2. ኣባላት ተመረፅቲ ኮሚቴታት ብምሉእ ተወፋይነት ብዘይምስራሕ ብእዋኑ ክእከብ ዝግበኦ ዝነበረ ኣታዊ ብእዋኑ ብዘይምእካቡ ንመተግበሪ ትልሚ ዝኸውን በጀት ሕፀረትን:
3. ኣብ ቦርድ ዝምረፁ ሰባት ኣብ ተረሓሓቐ ከባቢታት ዝነብሩ ምኳንን ጊዜኦምን ገንዘቦምን መስዋእቲ ብምግባር ንምስራሕ ዘለዎም ድሌት ትሑት ሙኳንን ካብዚ ተበገሰ ከዓ እቲ ቦርድ ዓመታዊ ትልሚ ብጊዜ ከምዝዳሎ ገይሮም ገምግሞም ዘይምዕዳቕን ምስ ፀደቐውን ኣፈፃፅማኡ ተኸታትሎም በቢጊዜኡ ኣድላዪ ምትዕርራይ ክገብሩ ዘይምኽኣሎም::
4. ኣባላት ማሕበር ዝኣተዉዎ ቃል ወፈያ ብእዋኑ ዘይምኽፋልን ተደጋጋሚ ጎስጓስ ምድላይን:
5. ኣባልነት ማሕበር ጀሚርካ ምቁራፅን ውጥም ቅልቅል ዝዓይነቱ ኣባልነት ዝተኣናገድ ምኳኑን ብተወሳኺ'ውን መብዛሕትኡ ኣባል ካልእ ሰብ ንክሰርሓሉ ምሕሳብን ናይ ተፀባይነት መንፈስ ምህላውን:ኣብ ምጅማር ዝረአ ዋዒ ስራሕ ቀፃሊነት ዘይምህላው:
6. ዕቡቕ ንዝሰርሐን ዘይሰርሐን ብምፍላይ ናይ ምንቕቃፍን ምትእርራምን ባህሊ ዘይምህላው:ግልፅነት ምስኣን:: ወዘተ.

ስለዚ እዞም ኣብላዕሊ ዝተጠቐሱን ካሎኦት ኣብዚ ዘይተጠቐሱ ፀገማት ማሕበርና ከምቲ ዝድለ ከይኸይድ ዕንቅፋት ኮይኖም ፀኒሖም ኣሎዉ:: ማሕበርና ዝነበሮ ዕቡቕን ድኹምን ጎኒታቱ እዞም ዝተገለፁ ኮይኖም ኣለሊዩ ብምቕማጥ ኣብ ቀረባ ጊዜ 4ይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ከምዘካይድ እናገለፅና እቶም ዝተሰርሑ ብምዕቃብን እቶም ብሰንክ ተፈላለዩ ምኽንያት ዘይተሰርሑ ከዓ ካብ ዝሓለፉ ጉድለታት ተማህርና ንቐፃሊ ኩላትና ተወለድቲ ኢሮብ ኣብ ውሽጥን ወፃኢን ዓዲ ዘለና እንሳተፈሉ ናይ ሰለስተ ዓመት ገዛኣይ ትልሚ ተዳሊዩ ንምይይጥ ከምዝስዕ ቀሪቡ ኣሎ::

## 4. <u>ራእይን ልኡኽን ማልኢ (vision & mission )</u>

<u>**ራእይ**</u> ካብ ድኽነት ድሕረትን ድንቁርናን ዝተናገፈት ዘላቒ ልምዓት ዝተረጋገፀላ

ኢሮብ ተፈጢራ ምርአይ::

<u>**ልኡኽ**</u> ተወለድቲን ፈተውትን ህዝቢ ኢሮብ ኣብ ትሕቲ ፅላል ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ንክውደቡ ብምግባርን ምስ ኩሎም መንግስታዊን ዘይመንግስታውን ትካላት ስጡም ርክብ ብምፍጣር ኣብ ልምዓት ኢሮብ ኩሉ ነናይ ባዕሉ ተሳትፎ ንኽበርክት ብምግባር ብመንግስቲ ክሽፈኑ ዘይኽእሉ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ብዋናነት ኣብ ኣረኣእያ ምልዋጥን (ብፍላይ ኣብ ተሰድድካ ምንባር ዘሎ ኣረኣእያ)፣ ባህልን ቋንቋን ምዕቃብን: ፅሬት ትምህርቲን ጥዕናን ምርግጋፅን: ንጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን : ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ብኣተሓሳስባን ብልምዓትን ንክመሓየሽ ፃዕሪ ምግባር::

## <u>5. ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ</u>

### <u>ሓፈሻዊ ዕላማታት</u>

1. ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ንክዓቢ ምግባር
2. ኣብ ቀልቀል ብርሰት ተንጠልጢሉ ዝርከብ ባህልን ቋንቋን ህዝቢ ኢሮብ ክንዲ ተኽኣለ ክዕቀብን እልናውን ናብዝሐሸ ብርኪ ክዓብን ምግባርን

### <u>ዝርዝር ዕላማታት</u>

1. ክንዲ ተኽኣለ ኩሎም ተወለድቲ ኢሮብን ፈተውቲ ኢሮብን ኣባላት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ክኾኑ ዝኽእሉሉ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣርን እቶም ዝርከቡ ኣባላት ከዓ ብምሉእ ተወፋይነትን እምነትን ዓቕሞም ፀንቅቖም ክሰርሑ ኩነታት ምጥዕዓም/ምምችቻው
2. ማሕበርና ዝተፈላለዩ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ዘምፅኡ ምንቅስቓሳትን ሰፋሕቲ ልምዓት ስራሓቲን ብምስራሕ ኣብ ሕብረተ ሰብና ዘሎ ድኽነት ንምንካይን ኢሉ'ውን ብነዊሕ ጉዕዞ መሊእካ ንምጥፋእ ምፅዓር
3. ባህልን ቋንቋን ኢሮብ ምዕቃብን ብዝተመሓየሸ መልክዑ ተጠናኺሩ ንቐፃሊ ወለዶ ክምዝመሓላለፍ ምግባር
4. መናእሰይ ኢሮብ ኣብ ክንዲ ተሰድድካ ምንባር ብስፖርት ክህነፁ ብምግባር ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ልምዓታዊ ስራሕትን ስፖርታዊ ውድድራትን ክሳተፉን ተወዳደርቲ ዝኾኑሉ ባይታን ንምፍጣር ዘይሕለል ፃዕሪ ምግባር
5. ንመናእሰይ ናይ ስራሕ ዕድላት ንምፍጣር ኣብ ወረዳ ምስ ኩሎም ተሓባበርቲ ኣካላት ብሙኻን ናይ ተክንክን ሙያን መሰልጠኒ ማእኸል ምኽፋት
6. ኩለመዳያዊ ናይ ባህሪ ለውጥን ዘመናዊ ኣተሓሳስባን ኣብ ሕ/ሰብና ክሰርፅ ምግባር
7. ባህላዊ ሓድግታት ኢሮብ ንክዕቀቡን ሃገርለኸን ዓለምለኸን ኣፍልጦ ንክረኽቡን ከሙኡ'ውን ንኣገልግሎት ቱርዝም ንክውዕሉ ምፅዓር
8. ስነ-ቃልን ታሪክን ህዝቢ ኢሮብ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብፅሑፍ ክመሓላለፍ ምግባር
9. ፅሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ሞራላዊ ሞያዊን ማተሪያላውን ሓገዝ ምግባር
10. ጥንኩር ናይ ተወዳዳራይነት መድረክ ብምፍጣር ንፉዓት ተምሃሮን መምህራንን ብምሽላም ኣብ ፅሬት ትምህርቲ ርኡይ ለውጢ ንምርኣይ ተጠናኺረ ፃዕሪ ምግባር
11. ምስ ወፃኢ ዓዲ ዘለዉ ተወለድቲ ኢሮብ ዲያስፖራ ስጡም ርክብ ብምፍጣር ልምዓት ዓዲ ብደቂ ዝብል ጭርሖ ብተግባር ኣብ ስራሕ ምውዓል
12. ንማሕበር ባህሊ ኢሮብ ዝለዓለ ጠመተ ብምሃብ ኩሎም ከየንትን ፀሓፍትን ደቂ ኢሮብ ብሓደ ክውደቡ ብምግባር ኣድላይ ዘበለ ሓገዝ ብምሃብ ንባዕላቶም ኣታዊ ክረኽቡን ባህ ልናን ቋንቋናን ከዓ ክዕቀብን ክዓብን ዝኽእል በኣቶም ስለዝኾነ ንከየንቲን ፀሓፍቲን ደቂ ኢሮብ ኩለመዳያዊ ሓገዝ ክረኽቡ ምግባር
13. ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ቋንቋ ሳሆ ረዲዮ ፕሮግራም ብሓይሊ ሰብን ማተሪያልን ተጠናኺሩ ንኩሉ ትምህርቲ ወሃባይ ብዝኾነ ኣግባብ ንክሓልፍ ምስ ዝምልከቶም ናይ ወረዳ ኣካ ላት ብሙኻን ምስራሕ:
14. ዋና ቤት ፅሕፈት ማልኢ ብሓይሊ ሰብን ኣቑሑትን ምምላእ
15. ጨንፈር ቤት ፅሕፈታት ማልኢ ኣብ ዘይተኸፍተለን ከባቢታት ቢሮታት ምኽፋት::

## 3. <u>ኣብ ዝቕፅል ሰለስተ ዓመት ብማልኢ ዝፍፀሙ ስራሕቲ ዝርዝር</u>

## ኣብ ዕሬት ትምህርቲ ዘለዉ ዓበይቲ ፀገማት ንምፍታሕ

3.1 ካብ መዋዕለ ሕፃናት ጀሚሩ ክሻብ ዝለዓለ ብርኪ ትምህርቲ ወረዳና ኣብ ዕሬት ትምህርቲ ለውጢ ከምፅኡ ዝኽእሉ ስራሕቲ ምስራሕ፣ንኣብነት

ሀ. በቢ ቤት ትምህርቱ ሕፅረት ማይ ነቲ ሕብረተ-ሰብ ቤት ት/ቲ ንተፈላለዩ ፀገማት እናቃለያም ስለ ዝርከብ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማይ ዝተኣካኸበሉ መላ ብምጥቃም እቱ ዝተዋህለለ ማይ ኣብ ግልጋሎት ክውዕል ምግባር:: እዚመደብ ንምትግባር ፣ወፃኢኡ ብማልኢን ከባቢ ሕብረተሰብን ዝሽፈን ኮይኑ፣ ብንኡስ ዕምቈቱን ኣሰራርሓኡን ብበዓል ሙያ ዝተፀንዓ 15 ጉድጓድ ማይ ምስራሕን 20 ሮቶ (ገንኢ ማይ) ምግዛእን

ለ. ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ስራሕቲ ንተምሃሮ ብስነ-ምግባርን ጥንካሬ ሰብእነትን ዝሃንፁ ምንቅስቓሳት ክህልዉ ሐገዝቲ ዝኾኑ ትካላትን ውዳበታት ምህላው ኣዚዩ ኣገዳሲ ኢዩ::እንተኾነ ግን ኣብ ወረዳ ኢሮብ እዞም ከምዚ ዝመሰሉ ምዕባለታት ኣዚዮም ኣብ ዝተሓተ ብርኪ ኢዮም ዝርከቡ:: ስለዚ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰፍሕ ናይ ስፖርት ስራሕቲ ክስራሕ ብምግባር ኣብዚ መዳይ ለውጢ ንምምፃእ ኣብ ቀፃሊ ሰለሰተ ዓመት ኣብ 15 ቤት ትምህርቲ ናይ መረብን ባስኬትን መይዳ ብምስራሕ፣ ኣብኡ ዝድለዩ ስራሕቲን መሳርሒታትን ብምምላእ ተምሃሮን መምህራን ንኽጥቀሙሉ ምግባር:: ናይዚ ስራሕቲ ወፃኢታት ብናይ ከባቢያዊ ቤት ትምህርቲ ሕብረተ-ሰብ ተሳትፎን ከሙኡ'ውን ብምምሕዳር ወረዳ ኢሮብ ብገበርቲ ሰናይ ትካላት ብማሕበር ልምዓት ኢሮብን ብደገፍቲ ማሕበር ልምዓትን ዝሸፈን ይኸውን::ምሰዙይ ብተወሳኺ ብኣትለትክስ (ጉያ) ብምስልጣን ንባዕሎምን ሃገሮምን ክጠቕሙ ዝኽእሉ መናእሰያት ምምልማል'ውን የድሊ::

ሐ. ዕሬት ትምህርቲ ብዝግባእ ክሕሎ ክግበሩ ዝግበኦም ነገራት ብዝሕ ዝበሉ እኳ እንተኾኑ ውዑይ ዝኾነ ናይ ምውድዳር መንፈስ ክህሉ ምግባር ካብቶም ቀንዲ መስሪሓት ሓደ ኢዩ እልካ ክውሰድ ይከኣል:: ስለዚ ኣብ መንጎ ተምሃሮን ቤ/ትምህርቲታትን ውዑይ ዝኾነ ናይ ምብልላፅ መንፈስ ምእንታን ክህሉ ካብ ኩሉ ቤት ትምህርቲታት ወረዳና ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝበለፀ ውፅኢት ንዘመዝግቡ ዝተመረፁ ንፉዓት ተምሃሮ መምህራንን ቤት ትምህርትን ትርጉም ዘለዎ መተባበዒ ሽልማት ብምሃብ ዕሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ተተሊሙ ኣሎ:: በዚ መሰረት ኣብ ቀፃሊ ሰለሰተ ዓመት በቢ ዓመቱ 10 ርእሳነ መምህራን፣ ሓሓደ ተራ መምህር ካብ ሕድሕድ ቤት ትምህርቲ ወረዳ ከሙኡ'ውን 150 ንፉዓት ተምሃሮን ብድምር – ብገንዘብን ብካልኦት ብናይ ትምህርቲ ዕድላትን ምሽላም::

መ. ካሊእ ዕሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ክግበር ዝግበኦ ምንቅስቃስ እንተሃለዬ ካብ መደበኛ ትምህርቲ ብተወሳኺ ብፍላይ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ቤ/ትን ኣብ ምድላው ብርኪ ፕሪፓራቶሪ) ትምህርቲ ዝርከቡ ተምሃሮ ኣብ እዋን ዕረፍቶም ተፈላለዩ ሓገዝቲ ዝኾኑ ኣካዳሚያዊ ደገፋት ምሃብ ኢዩ። እዚ ንምግባር ከዓ ዝተመሃረ ሓይሊ ሰብን ተፈላለዩ ካብቲ መደበኛ ካርኩለም መፃሕፍቲ ፍልይ ዝበሉ መፃሕፍትን ዝተፈላለዩ ሰነዳትን ኢዮም:: ስለዝኾነ'ውን እንተነኣሰ ኣብዝተፈላለዩ ዩኒቨርሲቲታት ዝርከቡ ተምሃሮ ኢሮብ

ብምውፋር ን$8^{ይ}$፣ $10^{ይ}$ን 12ን ክፍሊታት ዘለው ተምሃሮ ኣብ ክረምቲ ናይ ትምህርቲ ድጋፍ ንምሃብ ኣብ ዝቕፅል ሰለሰተ ዓመት ናይ ኩሉ ዩኒቨርሲቲ ተምሃሮ ኢሮብ ኣብ ወረዳ ኢሮብ ተዋፊሮም ናይ ሓደ ወርሒ ትምህርቲ ክህቡ ክግበር ኢዩ። ነዚ ስራሕቲ እዚ ንምስላጥ ዘድሊዩ ናይ ገንዘብን ካልኦት ወፃኢታትን ስራሕ መደባትን  ማሕበር ልምዓት ኢሮብ  ምስ ወረዳ ምምሕዳር ቤ/ፅን ምስ ማሕበር ዩኒቨርስቲን ኮለጃትን ተምሃሮ ኢሮብ ብምምኽኻር  በቢ በጀት ዓመቱ ብዝዳሎ ዝርዝር  መሰረት ዝፍፀም ይኸውን::

ሰ. ኣብ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርቲ  ወሳናይ ተራ ዝፃወት ካሊእ ጉዳይ እንተሃለወ  በቢሕድሕድ ቤ/ት ዝተማለአ ንከይዲ ትምህርቲ መሳለጥቲ ዝኾኑ ከምእኒ ኮምፒተር፣ ፎቶ ኮፒ፣ መፃሕፍቲ፣ ክልኦት ናውትን ተማሊኦም  ክህልዉ ምግባር  ኢዩ:: ስለዚ እንተነኣሰ ደውሃንን ዓሊተናን ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲን ዳውሃን መሰናዶ ቤ/ትን ብዝተፈላለዩ ዓይነት ትምህርቲ ብናይ ሪፈረንስ ሓገዝቲ  ዝኾኑ መፃሕፍቲ ብምድጋፍ ኣብ ዝቕፅል ሰለሰተ ዓመት ብቑፅሪ 2000 መፃሕፍቲ ካብ ቋዋሚ እቶት ዘለዎም ኢሮበቶት ሓደ መፅሓፍ  ኣብ ዓመት ብዝብል ሜላ ዝፍፀም ኮይኑ እዚ ኣብ ኩሉ ከባቢ ብዘለዉ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣባላት ኣቢሉ  ዝፍፀም እንትኮን ብተወሳኺ ሓይሊ መብራህቲ ኣብ ዝበፅሖም ቤት ትምህርትታት ዘገልግላ 20 ኮምፒውተር ምስፕርንተረን፣ 5 ፎቶ ኮፒ፣ 10 መራቢሒ ፈተና ወረቐት ፣ወዘተ. ሓገዝ ክግበር እዩ::

ረ. ኣብ መደበኛ  ቤት ትምህርትታት ብክልስ ሐሳብ  ዝውሃቡ ዘለዉ ዓይነት ትምህርቲ ብተግባር ትምህርቲ ንምድጋፍ ዘኽእሉ ስራሕቲ ምስራሕ ኾይኑ ፣እዚ ንምትግባር  ኣብ ዝቅፂል ሰለስተ ዓመት 3 ላባራቶሪ ክፍሊታት ህንፃ ብስታንዳርድ መሰረት ምስራሕን ኣብ ኣገልግሎት ምውዓልን ኮይኑ ናይቲ ዝስራሕ ህንፃ መስርሒ ወፃኢኡ ክሳብ ብር 450′ 000.00 ዝግመት ኮይኑ ምስ ሙሉእ ግልጋሎት ክህብ ዘድልዩዎ ናውቲ ላባራቶሪ ፕሮጀክት ተዳለዩ ብማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናብ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናያት ቀሪቡ በጀት ክእለሸሉ ተሓሲቡ ዝተተለመ ኢዩ:: ብተወሳኺ′ ውን  ኣብ ዝቅፂል ሰለስተ ዓመት 3 ላይብረሪ ክፍሊታት ምስራሕን ኣድለይቲ መፃሕፍትን ወንበርን ብምምላእ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ምግባር ተሓሲቡ ኣሎ::

ቀ. ምስዙ ትምህርቲ ናይ ምፅራይ ስራሕ ጎናጎኒ መናእሰይ ኢሮብ ካብ ስእነት ስራሕን ስደትን ንምክልኻል ዝከኣል ኣብ ወረዳ ውሽጢ ሓደ ብመምሃሪ መሳረሒ ኣቑሑት ዝተማለአ "<u>**መሰልጠኒ ተክኒክን ሙያን ማእኸል**</u>" እንተሃልዩ ጥራሕ ከምዝኾነ ኣየጠራጥርን፣ ስለዚ ምስ ኩሎም ይግባኣና በሃልቲ ወገናት ብምዝርራብ እዙ መሰልጠኒ ማእኸል ብምህናፅ መናእሰይ ኢሮብ በቢሞያኦምን ክእለቶምን ብምስልጣንን ብምውዳብን፣ ንኣብነት፣ ኣብ ሓፂነ መፂን፣ ዕንፀይቲ፣ ህንፃ ስራሕ፣ ሕርሻ፣ ንህቢ፣ ንግዲ፣ ወዘተ. ስልጠና ክረኽቡ ብምግባር ንመናእሰይ ኢሮብ ናይ ስራሕ ዕድላት ምፍጣር ናይዙ ዝቕፅል ሰለስተ ዓመት ዝዓበየ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ገዛ ዕዮ ይኸውን::

ብጠቕላላ እዞም ኣብላዕሊ ብዝርዝር ዝተቐመጡ ትልምታት ናብ ተግባር ንምሽራፍ  ዓርሱ ዝኸኣለ ዝርዝር ትልሚ በቢዓመቱ እናተዳለወሉን ብዝበለፀ ግልፂ እናኾነን ዝኸየደሉ መስርሒ ክህልዎ እዩ::

3.2 ወረዳና ወረዳ ኢሮብ ካብተን መላጣት ወረዳታት ተባህለን ዝዕወዓ ወረዳታት ሓንቲ እንትትኾን ብሃፍቲ ተፈጥሮ ካብ ማንም ከባቢ ንላዕሊ ዝበረሰ ስለዝኾነ ኣብዚ መዳይ እውን ዝተወሰነ ስራሕ ምስራሕ የድሊ::

3.2.1 ኣብ ምክልኻል ብረሰት ደን ተሳትፎ ሕብረተ-ሰብ ዝለዓለ ተራ ስለዝህልዎ ኣተሓሕዛን ክንክን ተፈጥሮ ሃብቲን ብዝምልከት ሕብረተ-ሰብ ዝለዓለ ኣፍልጦ ምእንታን ክህልዎ ኣብ ኩለን ቤት ትምህርቲታት ዝርከቡ ተምሃሮን መምህራንን ሰፍሕ ኣስተምህሮ ክህቡን እንተነኣሰ ከክልተ ፈልሲ ተኺሎም ብምዕባይ ብተግባር ዝመርሑሉን ኩነታት ምምችቻው፣እዚ ንምትግባር ዝሕግዝ በቢ ቤት ትምህርቲ ከባቢ ንተኽሊ መትከሊ ቦታ ብምምሕዳር ቤ/ፅ ኣቢሉ ክውሃብ ብምግባር (ስፍሓት እቲ መሬት ከከም ከባቢን ዓቕሚ ቤት ትምህርቲታት ይውሰን) :: ብድምሩ ልዕል ክብሉ ተጠቐሱን ካልኦት ክንክን ሃፍቲ ተፈጥሮ ስራሕቲ ንምስራሕ ዝህሉ ወፃኢታት እቲ ዝዓበየ ክፋሉ ሕብረተሰብ ቤት ትምህርቲ ምስ ከባቢ ነባሪ ሕዝቢ ብምትሕብባር ዝስራሕ ኾይኑ ናብ 30% ዝኸውን ድማ ብማሕበር ልምዓት ኢሮብ ይሽፈን::

3.2.2 ቅድም ክብል ከምተሓበረ እቲ ከባቢ ሃፍቲ ተፈጥሮ ብኹሉ መዳይ ዝተመናመነ እንትኸ' ውን ኣብርሲኡ ከዓ በቢእዋኑ እናገደደ እዩ ዝርከብ :: ስለዚ ነቲ ብርሰት ንምንካይ ስፍሕ ዝበለ ተሓዳሳይ መማረፂ ፍልፍል ብምዕናዕ (alternative renewable energy sources) ምትእልላሽን ምትግባርን ግድን ይኸውን:: ብምኻኑ'ውን ምግቢ ንምብሳልን መብረህቲ ንምርካብን ዘሎ ፀገም ንምቅላላል ከምኢኒ ባዮ ጋዝ፣ሶላርን ካልኦት ኣጠቓቕማ ዕንጨይትን ፈሓምን ዘመሓይሹ ቴክኖሎጂታት ንምትእትታው ተሓሲቡ ኣሎ:: ይኹን እምበር ምስ ሕድሕድ ጭቡጥ ኩነታት ዝተፈላለያ ጣቢያታት በቢእዋኑ ፕሮጀክት እናተቐረፀለን ናብ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ብምቅራብን ፋንድ (ሓገዝ) ብምትእልላሽን ዝትግበር ስለዝክውን ኣብዚ በዝሑን ዘድልዮ በጀትን ኣይተቐመጠሉን::

3.2.3 ነበርቲ ወረዳ ኢሮብ ካብ ካልኦት ወረዳታት ዝፈልዮ ነገር እንተሃለወ ናይ ባዕሎም ባህሊን ቋንቋን ዘለዎም ሕዝቢ ምኻኑ እንትኸውን ብተፈላለዩ ምኽንያታት ኣብዙ ሐዚ እዋን እዞም ባህሊታትን ቋንቋታትን ንዝለዓለ ብርሰትን ውድቀትን ተቓሊዖም ይርከቡ:: ስለዚ ነዚ ውድቀት ብተወሰነ ብርኪ'ኳ ንምክልኻል ክንዲ እንተኽኣለ ካብ ማንም ግዘ ንላዕሊ ብዝሓሸ ተወድብካ ምስራሕ ግድን ይኸውን::

<u>በዚ መሰረት ኣብዘን ዝቕፅላ ሰለስተ ዓመታት</u>

ሀ. ክሳብ ሀዚ ብናይ ባዕሎም ተበግሶ ተኣኻኺቦም ኣብ ምዕቃብ ባህሊ ህዝቢና ዓብይ ተራ እናበረከቱ ዝፀንሑን ዘለዉን ከየንቲ ማሕበር ባህሊ ኢሮብ ተጠናኺሮም ዝቅፅልሉ ባይታ ንምፍጣር ምስራሕ ቀዳማይ ዕማም ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ስለ ዝኸውን

- ልዕሊ ኩሉን ቅደሚ ኩሉን ኣብ ዘን ዝቕፅላ ሰለሰተ ዓመት መሰረታዊ ሙዝቃ መሳርሒታት ንኸማለአሎም ምግባር::

- ኣብ ዝኾኑ ኣብ ወረዳን ክልልናን ዝዳለዉ ልምዓታዊ ስራሕቲ መድረኻት እናተረኽቡ ንባዕላቶም እቶት ዝረኽቡሉን ባህልናን ቋንቋናን እናኣፋለጡ ናይምልዕዓል ስራሕቲን ከተግብሩ ሓገዝ ምግባር::
- ማሕበር ባህሊ ኢሮብ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ወፃኢን እናተዘዋወረት ምርኢት ብምቕራብ ንልምዓት ዝውዕል ገንዘብ ንምትእኽካብ ኣብ እትገብሮ ምንቅስቓሳት ናይ ሞራልን በጀትን ድጋፍ ምሃብ::
- ኩሎም ከየንትን ደረስቲን ኢሮብ ኣብ ፅላል ማልኢ ተወዲቦም ምስዝሰርሑ ዘለዉ ማሕበር ባህሊ ኢሮብ ክውደቡን ንሓደ ህዝቢን ዕላማን ክሻብ ዝኾነ ጊዜ ብሓደ ንክ ውደቡ ማልኢ ሓገዙ ብምሃብ የበረታትዖምን ይከታተሎምን::

ለ. ቋንቋ ሳሆ ምፅሓፍን ምንባብን ዘገልግሉ ፊደላት ተነፅሮም ሓደ ትምህርቲ ዓይነት ኮይኑ ኣብ ክፍሊ ካብ ዝውሃብ ዓመታት ኣሕሊፉ ኣሎ፣ ይኹን'ምበር ኣብ ዕለታዊን ማሕበራዊ ምንቅስቓስ እንጥቀሞም ዘለዉ ናይ ሳሆ ቃላት ብናይ ካልኦት ቋንቋ ቃላት እናተተከኡን ጠቕላላ'ውን እቶም ሓደሽቲ ፊደላትን ምሊክታትን ከሙኡ'ውን ኣፀሓሕፋን ስነ-ቃል ብሂረ-ሰብ ኢሮብን ብዘይ ኣግባብ ይፀሓፉ ስለዘለዉ ብህዚኡ ትኹረት ተዋሂቡዎ ክስረሓሉ ይግባእ::

⇒ኣብ ዝቕፂል ሰለስተ ዓመት እቲ ከምብሓድሽ ተዳሊዩ ኣብትምህርት ውዒሉ ዘሎ ናይ ሳሆ ቃላት ብኣግባቡ ብምጥቃም ተፈላለዩ ፅሑፋት ብምድላው ውድድራት ዝካየደሉ ተፈላለዩ መድረኻት በቢከባቢኡ ምክያድ ሰፊሕ ምንቅስቃሳት ብምግባር ተወለድቲ ወረዳና ትሕዝቶ ቋንቋኦም ከመሓይሹ ምግባር::
⇒ብ ቋንቋ ሳሆ ተፈላለዩ ፅሑፋት ብምቕራብን ግጥምታት ኣናገጠሙ ብምድራፍን ስፊሕ ኣበርክቶ ዝገብሩ ዘለዉ ውልቀ ሰባትን ጉጅለታትን ብምትእልላሽን ዝሓሸ ፍፃመ ዘለዎም ብምልላይ ዝተባበዐሉ ኩነታት ንምፍጣር ንሽልማት ዝከውን በጀት ብምብጃት ውዑይ ናይ ውድድር መድረኽ ምፍጣር::
⇒ኣብ ህብረተ ሰብ ኢሮብ ዝፀንሑ ብኢኮኖሚያዊን ብካልኦት ማሕበራዊ ሕይወትን ዝግለፁ ኣዐርዮም ዝጠቕሙ ስፍሕ ዝበሉ ያታዊን ዘመናዊን ልምድታትን ባህሊታትን ስለዘለዉን፣ እሞ ከዓ ብቃል እምበር ብፅሑፍ ስለዘይተትሓዙ እቶም ያታዊ መሊኦም ከይጠፍኡ እቶም ዘመናዊ'ውን እንተኾኑ ክሰፍሑን ብኣግባቡ ክምዕብሉን ክዕቀቡን ሰፋሕቲ ፅንዓታት ምግባርን ብተፈላለዩ ሜላታት ምስንዳው የድሊ። እዙ ፅንዓት ማእኽል ዝገብሮ ኣብ እዋን ሓዘን፣ ታሕጓስ፣ ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ቅልውላው፣ ሃይማኖታዊን ዓለታዊን ከሙኡ'ውን ካልኦት ሓደሽቲ ተርእዮታትን ዝጥቀሙሎም መግለፂታት ከም ግጥምታትን ደርፍታትን ብማሰ እንትኸውን እቶም ብመፅናዕቲ ክኢላታትን ተሳትፎ ሕዝብን ዝቐርቡ መረዳእታታት ተሰናድም ንክፍፍልን ዕዳጋን ቅድሚ ምውፃኦም ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ዋዕላ ህዝቢ ብምድላው ኩሎም መንግስታዊ ኣካላትን ይግባኣና በሃልትን ሪእቶ ክህቡሉ ይግበር። ከምዚ ብምግባር እቶም ዕቡቕ ባህሊታትን ንቡራትን ናብ ቦታኦም ንክምለሱን ንክሰፍሑን ስለ ዝከኣል ኣብዚ ዘርፊ ምስ ዝሰርሑ ገበርቲ ሰናያት ትካላትን ሰብ ሙያን እናተዘራረብካን እናተሓጋገዝካን ትርጉም ዘለዎ ስራሕ ምስራሕ የድሊ::

ሐ. ኣብዚ ዘለናሉ እዋን ልዕሊ 5 ዓመታት ዝኣክል ብቋንቋ ሳሆ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዘ ዝመሓላለፍ ናይ ሓደ ሰዓት ናይ ሬድዮ ፕሮግራም ምህላው ዝፍለጥ ኮይኑ እዚ ማሕበር ምስዚ መደብ ብምትእስሳር ልምዓታዊ ስራሕቲ ዝሰልጡሉን ቋንቋ ሳሆ

ዝምዕብለሉን መደባት ንምትግባር ጠንክሩ ክሰርሕ ምድላው ገይሩ አሎ። እዚ ናይ ሬድዮ ፕሮግራም ምርካብ ብጣዕሚ ዓብይን ፍሉይ ዕድልን ብምዃኑ ቃላት ቋንቋ ሳሆ ኣብ ምምዕባልን ብትኽክል ኣብ ምጥቃምን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኣጠቓቕላ ስራሕቲ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስላጥ ዝለዓለ ደገፍ ምእንታን ክህብ ምስቲ ፕሮግራም ሬድዮ ቀርብካ ምስራሕ ወሳኒ ይኸውን::

3.2.4. ምስ ሕሉፍ ዘመናት ክነፃፀር ከሎ ህዝቢና ተለቅሑስ ኾነ ተመርቅሑ ከምኡ'ውን ተሰዲዱ ኢኮኖሚያዊ ትሕዝቶኡ ኣብ ሀዚ እዋን ኣብዝሓሸ ደረጃ ኣሎ ክበሃል ይከኣል:: ይኹን'በር ኣብ ኣጠቓቕማኡ ክረአ ከሎ ብፀገም ዝሓለፈ ሕብረተሰብ ንምዃኑ የጠራጥር ምኽንያቱ ከም እኒ መርዓ፣ ተስካር፣ ፀበል ወዘተ. ዝመሳሰሉ ምክንያታት እናገበረ ዘዳልዎም ድግሳትን ዝገብር ዘሎ ወፃኢታትን ክንርኢ ኣዚዩ ዘደናግፅ ኢዩ:: ኢዚ ፀገማት ንነውሕ ዓመታት ኣብ ዝባን ሕበረተ ሰብና ዓሲሉ ዝፀንሐን ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ከዓ እናኸፍአን እናገደደን ኢዩ ዝኸይድ ዘሎ:: ስለዚ ኢዚ ፀገም ክፍታሕ እንተኾይኑ ከምኒ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ውዳበታት እናጠናኸርካ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ብምሃብ እንተዘይተኣልዩ መማራዊ ዘይብሉ ግዘ ኢና በዚሕና ኢና ዘለና::ስለዚ፣

ብወረዳን ብጣቢያን ደረጃ ዝተወደቡ ዝተፈላለዩ ናይ ዕቋርን ልቓሕን ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ብምጥንኻር ኣብ ቀፃሊ ሰለስተ ዓመት ኣብ 7 ጣቢያታት ኩሉ መዳይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ክምስረትን ብወረዳ ደረጃ ትጥርንፈን ሓንቲ ዩኒዩን ክትቆምን ምስ መንግስቲ ብሙዃን ጥንኩር ፃዕሪ ክንገብር ተሓሲቡ አሎ:: ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ናይ መሰረታዊ ሸቀጣ ሸቐጣት ቀረብ ሕፅረት ንምቅላል ንሕድሕድአን ማሕበራት እንተነኣሰ 1500 ኩንታል እኽሊ ክሕዝ ዝኽእል መኻዘን ንክስራሕን ናብ ንጡፍ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ ክሰጋገራን ምስ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ብምፅሕሓፍ መጣየሺ ሓገዝ ክረኽባ እለን እውን ካብ ዝተፈላለዩ ገንዘባዊ ተቛማት ልቓሕ ዝረኽባሉ ኩነታት ንምትዕርራይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዘይተሓለለ ፃዕሪ ክገብር እዩ ::

ብተወሳኺ' ውን ኣብ ዝቅፂል ሰለስተ ዓመት ን 7 ኩሉ መዳይን ዕቋርን ልቓሕን ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ከክልተ ክፍሊ፣ ንቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ዝውዕል ህንፃታት ንምስራሕ ትልሚ ተታሒዙ አሎ:: እንተተኻኢሉ ዝተፈላለዩ ሸቀጣ ሸቀጥን እኽሊን እተኋዕዝን እንተከፋፍልን ኣይሱዚ መኪና ንምግዛእ'ውን መደብ ተታሒዙ አሎ::

ከከምኩነታቱ እናተርኣየ ህዝቢና ብልቓሕን ዕቋርን ሕብረት ስራሕ ማሕበር እናተወደበ ገንዘብ ናይ ምቑጣብን ምጥቃምን ልምድን ባህሊን ንኽዕቢ ዝተፈላለዩ ምልዕዓላትን ስልጠናታትን ብምሃብ ኣብስነ ቁጠባ ዘለዎ ኣተሓሳስባ መሰረታዊ ለውጢ ከምፅእ ምግባር የዲሊ:: ኢዚ ንምጥንኻር ዕቡቕ ቁጠባዊ ልምድታት ኣብ ምዕባይን ርኡይ ኢኮኖሚያዊ ለውጥታት፣ ኣብ ስራሕቲ ንግዲ ይኹን ኣብ ካልኦት ስራሕቲ፣ ብምምዝጋብ ፅቡቕ መርኣያታት ንዝኾኑ ውልቀ ሰባት ብምፍላይ ንሕብረተሰብ መርኣያ ብዝኸውን ኣግባብ ምፍላጥን መተባበዒ ሽልማት ምሃብን::

ብሓፈሻ ኣብ ትምህርቲ፡ ቁጠባ፡ ቋንቋ፣ባህሊን ካልኦት ተዛመድቲ ስራሕቲን ዝጠመተ ናይ ሰለስተ ዓመት ትልሚ ተሓንፂፁ ዝቐረበ እንተኸውን ንዝርዝር አፈፃፅማኡ በብዓመቱ ብዝርዝር እናተዳለወን እናተነፀረን ዝውሰን ይኸውን ::

## 4. ኣፈፃፅማ ኣንፈታት

*ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ሕሉፍ ዓመታት መሰረት ዝገበረ ዓሙቕ ገምጋም ብምግባር እቶም ቀንዲ ማሕነቖታት ብምንፃርን ብዝርዝር ብምምይይጥን ሙያዊ ስልጠና ብምክያድን ገዛኣይ ዝኾነ ናይ ሰለስተ ዓመት ትልሚ ብማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዋና ቤት ፅሕፈት ተዳልዩ ንኣባላት ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብን ፣ ንጠቕላላ ጉባኤን ቀሪቡ ምስፀደቐ ብተፈላለዩ ኮሚቴታትን መሓውራትን ነናብ ሕድሕድ ዓመት እናተሸንሸነን ምስ ወረዳ ምምሕዳርን ካልኦት ዝምልከቶም ይግበኣና በሃልቲን ምርድዳእ እናተገብረሉ ዝፍፀም ይኸውን::*

*ብተወሳኺ ናብ ወረዳ ቤት ምኽሪ ቀሪቡ ኣፍልጦ ክረክብን ንትግባራዊነቱ ከዓ ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣርን ምስ ዝምልከቶም ወረዳ ቤት ፅሕፈታት ተሓባብርካ ንምስራሕን ምርድዳእ እናተገበረን ዝስርሓሉ ይኸውን::*

*እዚ ትልሚ ናብ ወረዳ ቤት ምኽርን ናብ ካልኦት ቤት ፅሕፈታትን ምቕራብ ብቐደም ሰዓብ ዝስርሑ ስራሕትን ፕሮጀክትታትን ፈልካ ንምትግባርን ከሙኡውን ንቐፃሊ ክትትሉ ብጣዕሚ ቁልጡፍ ተግባር ስለዝኸውን በብእዋኑ ዝግበር ናይ ትልሚ ኣፈፃፅማ ፀብፃብን ገምጋምን ናብ ወረዳ ቤት ምኽሪ ምቕራብ ንሰለጤን ስራሕ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ይኸውን::*

## 5. ፍልፍል በጀት

1. ኣብ ዓዲ ውሽጢን ወፃኢን ካብ ዝርከቡ ኣባላት ማልኢ ብዝርከብ መዋጮ፣
2. ዝተፈላለዩ ናይ እቶት መተኣኻኸቢ መድረኻት ብምድላው፣
3. ፕሮጀክት ብምቕራፅ ዝርከብ ገንዘብ፣
4. ካብ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናያትን ደገፍቲ ልምዓትን ብዝርከብ ሓገዝ::

## 3. ናይ ሰለስተ ዓመት መደባት ንምፍፃም ዘድሊ በጀት ኑሓሰ 2006 ዓ/ም

| ተ.ቁ | ዝርዝር ስራሕቲ | መዐቀኒ | በዝሒ | ትሕዝቶ ዝርዝር ስራሕቲ | በጀት | ድምር በጀት | ፍልፍል በጀት |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | | | ማልኢ. ህዝቢ. |
| | | | | **1. ኣብ ፅሬት ትምህርቲ** | | | |
| 1.1 | ማይ ጉድጓድ | ቁፅሪ | 15 | ዕሙቀት 6 ሜትሮ ስፍሓት 3 ሜትሮ | $37,896.48 | $568,447.20 | |
| 1.2 | መሰልጠኒ ተክኒክን ሙያን | ቁፅሪ | 1 | ብበዓል ሙያ ዝተፀንዐ | | | |
| | | | | **1.3 ስፖርት ስራሕቲ** | | | |
| 1.3.1 | ባስኬት ሜዳ | ቁፅሪ | 3 | ስፍሓቱ ስተንዳርድ መሰረት | $211,500.00 | $634,500.00 | |
| 1.3.2 | መረብ ሜዳ | ቁፅሪ | 10 | ስፍሓቱ ብስታንዳርድ መሰረተት | $15,000.00 | $150,000.00 | |
| 1.3.3 | መረብ ኔት | ቁፅሪ | 10 | ስፍሓቱ ስተንዳርድ መሰረት | $120.00 | $1,200.00 | |
| 1.3.4 | ባስኬት ኔት | ቁፅሪ | 6 | ስፍሓቱ ስተንዳርድ መሰረት | $200.00 | $1,200.00 | |
| 1.3.5 | መረብ ኲዕሶ | ቁፅሪ | 10 | ዓበይትን ኣናስተይን ተምህሮ ግምት | $350.00 | $3,500.00 | |
| 1.3.6 | ባስኬት ኲዕሶ | ቁፅሪ | 6 | ዓበይትን ኣናስተይን ተምህሮ ግምት | 400 | 2400 | |
| 1.3.7 | ባሰ/ መረብ መፍሒ | ቁፅሪ | 13 | መረብን ባስኬትን ንክልትኡ መስርሒ | 300 | 3900 | |
| 1.3.8 | ባስኬት ቦርድ | ቁፅሪ | 6 | | 5000 | 30000 | |
| | | | | **1.4 ሽልማት** | | | |
| 1.4.1 | ርእሲ መምህርን | ቁፅሪ | 50 | | 3000 | 150000 | |
| 1.4.2 | ተራ መምህርን | ቁፅሪ | 100 | | 2500 | 250000 | |
| 1.4.3 | ተምሃራይ | ቁፅሪ | 150 | | 2000 | 300000 | |
| 1.4.4 | ስኮላር ብተልእኾ | ቁፅሪ | 15 | | 40000 | 600000 | |

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1.4.5 | ስኮላር ነውሕ | ቁፅሪ | 3 | | 60000 | 180000 | |
| | | | | 1.5 ተምሃሮ ምድጋፍ | | | |
| 1.5.1 | ዩኒቨርሲት ተምሀሮ (ምስ ማሕበሮም ምዝታይ የሓይሽ) | ቁፅሪ | 30 | ንሓደ ተምሃራይ ንሓደ መዓልት ሒሳብ 150 ከባዛሕ 30 መዓልቲ | 4500 | 135000 | |
| | | | | 1.6 ዝተፈላለዩ ናውቲ | | | |
| 1.6.1 | ኮምፒውተር | ቁፅሪ | 3 | | 4000 | 12000 | |
| 1.6.2 | ፕሪንተር | ቁፅሪ | 3 | | 3000 | 140000 | |
| 1.6.3 | ፎቶ ኮፒ | ቁፅሪ | 3 | እቲ ዝሐሸ ዓይነት ዓብይ | 13000 | 39000 | |
| 1.6.4 | መራብሒ | ቁፅሪ | 3 | እቲ ዝሕሸ ዓይነት ዓብይ | 30000 | 90000 | |
| | | | | 1.7 ህንፃ ምስራሕ | | | |
| 1.7.1 | ላባራቶሪ/ ቤተ ሙከራ | ህንፃ | 1 | ስፍሓት 4 ብ 5 ሜትሮ | 51411.5 | 51411.5 | |
| 1.7.2 | ላይብረሪ/ቤተ መፃሕፍት | ህንፃ | 1 | ስፍሓት 10 ብ 12 ሜትሮ | 127356 | 127356 | |
| | | | | 2 ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ | | | |
| 2.1 | መንዓዚ ፈልሲ | ብቁፅሪ | 30000 | ተፈላለዩ ፈልስታት ናብ ተነፀረሉ ቦታ ምብፃሕ | 2 | 60000 | |
| 2.2 | ባዮ ጋዝ | ቁፅሪ | 21 | ዝተፈላለዩ ዓይነት መጠን ዘለዎም | 14000 | 294000 | |
| 2.3 | ሶላር | ቁፅሪ | 6000 | ዝተፈላለዩ ዓይነት መጠን ዘለዎም | 20 | 120000 | |
| | | | | 3. ኣብ ባህሊን ቋንቋን | | | |
| 3.1 | | | | ማ.ባ.ኢ. ምድጋፍ | | | |
| 3.1.1 | ኦርጋን (ፒያኖ) | ቁፅሪ | 1 | | | 60000 | |

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 3.1.2 | ግታር ዓይነት በይዝ | ቁፅሪ | 1 | | | 50000 | |
| 3.1.3 | ግታር ዓይነት ሊድ | ቁፅሪ | 1 | | | 20000 | |
| 3.1.4 | ካመራ | ቁፅሪ | 1 | | | 7000 | |
| 3.1.5 | ሳክስፎን | ቁፅሪ | 1 | | | 6000 | |
| 3.1.6 | ማይክ ዋየርለስ | ቁፅሪ | 1 | | | 7000 | |
| 3.1.7 | ኮምፒተር ላፕቶፕ | ቁፅሪ | 1 | | | 13000 | |
| 3.1.8 | ሚክሰር | ሴት | 1 | | | 20000 | |
| 3.2 | | | | | ኣብ ቋንቋ ሳሆ | | |
| 3.2.1 | ናይ ዘተ መደረኽ | ግዘ | 45 | በዝሒ መሰናደውትን መቅረብትን 15 ሰብ 4 መዓልቲ አበል | 600 | 27000 | |
| 3.2.2 | ሳሆ ቋንቋ ሬድዮ | ግዘ | 12 | ዝተፈላለዩ ምድላዋት ብዛፅባ ማሕበር ምትሕልላፍ ስፖንሰርሽፕ | 15000 | 180000 | |
| 3.3 | | | | | ኣብ ባህሊ | | |
| 3.3.1 | ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ሕብረተሰብ ንምቕያር ዘኽእል ዘተ መድረኽ | ግዘ | 6 | ተፈላለዩ መፅናዕታዊ ፅሑፈት ዘቅርቡ ተሳተፍቲ 18 | 1000 | 6000 | |
| | | | | **አብ መሰረት ልምዓት** | | | |
| 4.1 | መኽዘን ምስራሕ | | 2 | ንሕ/ስ/ማ 1500 ኩንታል ምስራሕ | 315422.7 | 630845.4 | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 4.2 | ቤ/ፅሕፈት ምስራሕ | | 8 | ንኩ/ሕ/ስ/ማ ስፍሓት3 ብ 4 ሜትሮ ንምስራሕ ካብ ፅዳጋ ዝግዘኡ መተሪላት ምሕጋዝ | 43065 | 1205820 |
| 4.3 | መኪና ምግዛእ | ቁፅሪ | 1 | ልቃሕ ምትእልላሽ | | |
| | | | | **ስልጠና ምሃብ** | | |
| 4.5.1 | ልቓሕን ዕቋርን ማ/ር ስልጠና | ቁፅሪ | 45 | ንሰለስተ መዓልት | 150 | 40500 |
| 4.5.2 | ኩ/ሕ/ስ/ማሕበር | ቁፅሪ | 45 | ንሰለሰተ መዓልት | 150 | 40500 |
| | ድምር ወፃኢ | | | | | $7,315,716.10 |
| | መጠባበቒ | | | | | $365,785.81 |
| | | | | | | $7,681,501.91 |
| 5 | ምምሕዳራዊ ወፃኢ | | | ማህያ፣ኣበል፣ ፅ/መሳርሒ፣ ወዘተ ድምር | 10% - | 768150.1905 |
| | ጠቕላላ በጀት | | | | | $8,449,652.10 |

**መተሓሳሰቢ፣ ኢዚ ንመርኢያነት ተቀመጠ ኢዩ እንተተኻኢሉ ግን በቲ ኣብ ዝርዝር ፅሑፍ ተቐሚጦም ዘለዉ ዝርዝር ስራሕቲ ንምብጃት ሐሳብኩም ሃቡሉ::**